# ኮስሞስ ካልኣይ ክፋል

ድያብሎስ ከም ብሓድሽ . . . .፡ መንግስትታት ኵላ ዓለምን ክብረተንን ኣርአዮ እሞ፡(ማቴዎስ 4፡8)

ጎይታና የሱስ ድሕሪ ጥምቀት ማይ ብዮሃንስ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ናብ ምድሪ በዳ ምስ መጸ ብድያሎስ እተፈተነሉ እዋን እዩ። ካብተን 3 ፈተናታት ኣብታ 3ይቲ ፈተና ድያብሎስ ካልኣይቲ ትርጉም ዝበሎ ክንርኢ ኢና።

ኣብታ . . . . . *መንግስትታት ኵላ ዓለምን* ክብረተንን ኣርአዮ እሞ፡. . . እትብል ሓረግ እታ ዓለም እትብል ክንርእያ ኢና። ብቋንቋ ጽርኢ “ **kosmos** “ እትብል ክትከውን ከላ ትርጉማ ድማ ምሕደራ እዩ ዘመልክት። ጽርኣውያን “ **kosmo** “ ዝብል ቃል ክጥቀሙ ኸለዉ *ፖሎቲካዊ ማሕበራዊን ቁጠባውን* ምሕደራ ከመልክቱ ክደልዩ ኸለዉ እዩ። ኣብ ትግርኛ እታ ዓለም ኣብ እተፋልፍልየ ጥቕሲ ኢና እንረኽባ ።ንኣብነት ኣብ ሮሜ 12፡2 “ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ “ ዝብል ቃል ነንብብ። ይኹን እምበር እታ ጳውሎስ ኣብዚኣ ዓለም ኢልዋ ዘሎ ብግሪኽ “ **αἰῶνι (aiōni)** “ ክትከውን ከላ ትርጉማ ድማ ንዘለናዮ ዘመን ክብል እተጥቕመላ እያ።

እምበኣር ድያብሎስ ንጎይታ የሱስ ዘቕረበሉ ዕድመ *ፖሎቲካዊ ማሕበራዊን ቁጠባውን* ምሕደራ እዛ ዓለም እዚኣ እዩ። ንኽእል። ብመሰረት ምሕደራ ሰይጣን እቲ ድሕሪ *ፖሎቲካዊ* ካልኣይ ጽፍሒ ኣማሓድሮ እየ ዝበሎ *ማሕበራዊ* ጽፍሒ እዩ። እዚ ክንብል ከሎና ካብ ውልቀ ሰብ ጀሚሩ ክሳብ ቤተሰብ ድሓርውን ማሕበረሰብ ዝምልከት ምምሕዳር ይኸውን ኣሎ። ሰብ ኣብዚ ዘመን እዚ ንእኡ እተዋህቦ ትርጉም “ *ባዕሉ ኣምላኽ እዩ* “ ምድቡ ምስ “ *ኣምላኽ መሰል* “ ኮይኑ ርእሰ-ክኢላ ኮይኑ ኣብ ምንም ጽግዕተኛ ከይኮነ ዝነብር ፍጡር እዩ ዝብል እዩ። እዚ ኣባህላ ኣብ ንኣዳምን ሄዋንን ኣብ ገነት ኤድን “ ከም ኣምላኽ ክትኮኑ ኢኹም” ዝብል ምስሓት ቀሪቡሎምሲ ዝኾኑ መሲልዎም ካብታ ኦም ገነት በልዑ። ቅድሚ ምብልዖም ሰብ ድሕሪ ምብልዖም ሰብ! እቲ ምኽሪ ሰይጣን ቅድሚ ወዲቑ ካብ ኣርያም ምስጓጉ ዝነበሮ ሕልሚ “ ከም ኣምላኽ ክኸውን እየ ” ዝብል ነይሩ። እዚኣ ምኽን ምስ ኣበየቶ እታ ሓሳብ ኣብ ሰብ ኣእትይዎ። እቲ ውዱቕ ውሉድ ኣዳም ሕጅውን ከምኡ ኢሉ ካብ ምሕሳብ ዓዲ ኣይውዓለን። ሰብ ሰብ እዩ ! ንእሽቶ ኣምላኽ ንእሽቶ የሱስ ወይ ንእሽቶ መልኣኽ ኣይኮነን።

ኣብ ውሽጢ “ ***kosmos*** “ እተኻተተ ካልኣይ ትርጉምን ምሕደራን ቤተሰብ እዩ። ዓለምና ሎሚ ንቤተሰብ እትህቦ ትርጉም ካብቲ ኣምላኽ ንሰብ ክድኩና ኸሎ ዝነበረ ከምኡ ኣይኮነን። ኣምላኽ ክፈጥሮ ኸሎ ሰብኣይን ሰበይትን ዝብል ሽም ሂቡ ምእንቲ ክፈረዩን ንምድሪ ክመልእዋ ድማ ሰብኣይ ንሰበይቲ ሂብዎ። ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ይሓድግ ምስ ሰበይቱ ድማ ይጣበቕ ኢሉ ኣብ ገነት ኤድን ኪዳን ከኣስሩ ገይሩ። “ ኣዳም ንሰበይቱ ሄዋን ፈለጣ እሞ. . . “ (ዘፍ. 4፡2) እሞ ጠኒሳ ንቓየል ወለደት። እንነብረሉ ዘለና ዘመን ግና ቤተሰብ ማለት ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎም ሰባት ውሉድ ካብ ብንቡር እተወልዱ ቆልዑ ወሲዶም ይምስርትዎ ኣለዉ። ወይውን ዘርኢ ካብቲ ሰብኣይ ወሲድካ ክትፋረ እትኽእል ኣንስተይቲ ጾታ ወሲድካ ንማህጸና ተኸሪኻ እተምጽኦም ቆልዑ እዚውን ቤተሰብ እዩ!

ሰይጣን ንጎይታ የሱስ ከምዚ ገይሪ ዘማሓድራ ዓለም ንዓኻ ክህበካ ይኽእል እየ ዝብል ሓሳብ ሒዙ እዩ ቀሪብዎ። ጎይታ ነታ መንግስቱ ኣብ ምድሪ ክተኽላ ይዳሎ ዝለዝነበረ ብተወሳኺ ንውሉድ ኣዳም ነቲ ቅድሚ ውድቀቱ ዘነብሮ ክብሪ ክመልሰሉውን ስለዝሓሰበ “ . . . ርሓቕ ሰይጣን. . . “ ኢሉ እዩ ገሲጽዎ። ኣብታ ኣብ ምድሪ ዝተኸላ መንግስቱ ትርጉም ሰብን ቤተሰብ ከምቲ ብምጀመርታ ንሰብ ክፈጥሮ ኸሎ ዝሃቦ ትርጉም ከምኡ ኮይኑ እዩ ጸኒዑ ዝነብር።